# ከመይ ዝበለ ስርዓት ኣብ ኢትዮጵያ ምስ ዝትከልዩ ህዝቢ ኤርትራ ዝቐስንን ዝድቅስን?

ድሕሪ ሶማልያ ብኢትዮጵያ ትውረርን መንግስታ ንምግምጣል ትፍተንን ኤርትራ ም'ኳና ንፈልጥ ኢና። ይኹንምበር መንግስትና ሓያልን ጥንቁቕን ንወያኔ ኣጸቢቑ ዝፈልጦምን ም'ኳኑ ንትኣማመነሉ ኢና ይብሉ ኣቶ መብራህቱ ኣባል ህግደፍ። መንግስቲ ኢትዮጵያ ነቲ ዳርጋ ንሶማልያ ምቁጽጻር ክኢሉ ንኢትዮጵያ ኣቢሉ ዝግስግስ ዝነበረን ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያ ሆናት ጅሃድ ዝኣወጀን ሓይሊ ኣኽረርትን ተሮሪስትን ኣብ ሓጺር እዋን ደምሲሱ ንርእሱ ጥራሕ ዘይኮነ ነቲ ዞባ ዘህድእን ንዓለም ከቕስንን ከረጋግጽን ዝኽእል ውጽኢት ዓወት ምርካቡ ኣብ ምሉእ ዓለም ናእዳን ምስጋናን ከምጽእሉ ክኢሉ እዩ። እዚ ክበሃል ከሎ ግን እቲ ጉዳይ ተወዲኡ ማለት ዘይኮነስ መንግስቲ ኢትዮጵያ እቲ ዝከኣሎ ሓጊዙን ሰሪሑን ኣሎ። እቲ ዝተረፈ ከኣ ናይ ህዝብን መንግስትን ሶማልን ሕብረተሰብ ዓለምን እዩ። እቲ ዘይከኣልን ንኢትዮጵያ ቁርሱ ገሩ ንኣፍሪቃ ከየንቀጥቅጣ ክፍርሓሉ ዝቐነየ እስላማዊ ሓይሊ ሙጃህዲን ሶማል ከኣ ኢትዮጵያ ብዝወሰደቶ ቆራጽን ቅጽበታውን ስጉምቲ ከም በረድ ሓቒቑ ተሪፉ።

እቲ ናይቶም ኣኽረርትን ጅሃዳውያንን ሓይሊ ረኺቡን ትዓዊቱን ካብኡ ሓሊፉ ንኢትዮጵያ ብምስጋር ኣብ ኢትዮጵያ እውን ሃይማኖታውን ቀቢላውን ዕግርግር ብምእታው ሰላምን ርግኣትን እታ ሃገር ክዘርግን ነቲ ክሳብ ሎሚ ዝነኣድ ስርሓትን ሰላምን ኣብታ ሃገር ዘመስከረ ህሉው መንግስቲ <u>ኢሂኣደግ</u> ክግልብጡ ሕልምን ትምኒትን ዝጸንሖም ኣካላት እውን ሒደት ኣይኰኑን። እዚኣቶም ከኣ ሰላምን ርግኣትን ኢትዮጵያ እንተተበቲኑ ንሕና ክንዕወትን ክንዓብን ንኽእል ኢና ዝብል ሰይጣናዊ ትጽቢት ዝነበሮም ኣካላት ም'ኳኖም ዝሕባእ ኣይኰነን። ካብኣቶም ሓደን እቲ ቀንድን ከኣ እሰያስ ኣፍወርቂ እዩ።

መንግስቲ እሰያስ ብዘይካ እቲ ንስልጣኑ ክጠቅም ይኽእል ዝብሎ ሎሚ ንሱ ዝሓልሞን ዝሓስቦን ዘሎ ክሳለጠሉን ክፍጸመሉን እምበር ንጽባሕከ እንታይ ክመጽእ ይኽእል? ኢሉ ኣርሒቑ ክሓስብን ክመራመርን ዘይክእል ብሓንጐል ሓደ ሰብ ጥራሕ ዝውሰን ናይ ቆልዑን ሓላፍነት ክስምዖም ዘይክእል እ'ኽብካብ ዓዋሉን ም'ኳኑ ከኣ ተደጋጊሙ ዝተገልጸን ዝተጻሕፈን እዩ። ሰራዊት ኢትዮጵያ ኣብ ሆናት ሶማል ዝዕወት ዘሎ ሎሚ ንመጀመርያ ዘይኮነስ ታሪኹ ዝምስክሮ እዩ። ስርዓት እሰያስ ግን ነቲ ሰራዊት ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ጸላእቱ ዝረኸቦ በርቃዊ ስዕረትን ዓወትን ከም ኣብ መንጎ ሓርማዝን ጻጸን ዝተገብረ ቃልሲ ኣምሲሉ ከንኣእሶን ከፋኾሶን ናይ ቃለ መጠይቕ ዓጀውጀው ብምግባር ፈቲኑ ምንባሩ ንብዙሓት ኣስሒቑና እዩ።

እቲ ኣዝዩ ዝገርምን ዘትሓሳስብን ግን ዓወት ሰራዊት ኢትዮጵያን መሰጋገሪ መንግስቲ ሶማልን ንስርዓት እሰያስ ጥራሕ ዘይኮነ ነቶም ክልተ መንገዲ ዝርእዩን ክልተ ስጋ ዝበልዑን ብ'ኽልተ ልቢ ዝሰርሑን ኣንጻር ስርዓት እሰያስ ንቃለስ ኣሎና ዝብሉን እዩ። መብዛሕትኦም ግሉጻትን ፍሉጣትን ሃይማኖት ምስልምና ንስልጣኖምን ረብሓታቶምን ጠቕሞምን መሳርሒ ዝገበሩ ገለ ከኣ ናይ ሃይማኖት ዘይኮኑስ ናይ ፖለቲካን ስምዒትን ጅሃዳውያን ከምቲ ናይ እሰያስ ምእንቲ ስልጣንን ረብሓን ጠቕምን ጅሃድነት ዝተቐበሉን ንጅሃድነት ዝተባብዑን

ኤርትራውያን ከይተረፈ እውን ብዙሕ ከም ዘሰምበዶምን ዓጀውጀው ክብሉ ጀሚሮም ከም ዘለዉን ከኣ ንርእን ንሰምዕን ነንብብን ኣሎና።

እቶም ደገፍትን ኣመንትን እሰያስ በቲ ወትሃደራዊ ዓወት ኢትዮጵያን መሰጋገሪ መንግስቲ ሶማልን ምስ ሓለቓኦም ክስምብዱን ክጕህዩን ዝነበረ እዩ። ምኽንያቱ ምትንታኑ ብዘየድሊ ዓወት መንግስቲ ኢትዮጵያን መሰጋገሪ መንግስቲ ሶማልን ንስርዓት እሰያስ ዓቢ ውርደትን ስዕረትን ከም ዝኾነ ዘትሓትት ኣይኮነን። መንግስቲ እሰያስ ኣንጻር ጐረባብቱ ሃገራት ጥራሕ ዘይኮነ ካብ ህዝቡ ተፈልዩ ዝነብር ኣንጻር ህዝቡን ሰራዊቱን ዝሰርሕ ንህዝቡ ዝጭፍልቐን ዘጽንትን ስርዓት ብምኻኑ እቲ ኣብ ባዱመ ኮነ ኣብ ሶማል ዝወረዶ ስዕረት ናይ በይኑ እምበር ስዕረት ህዝቢ ኤርትራ ከም ዘይኮነ ግን ክፍለጥ ይግባእ። ይኹንምበር ከምቲ ኣቐዲመ ዝገለጽኩዎ እቲ ስዕረት እሰያስ ኣብ ሶማል ዘጕሃዮም ንደገፍቱ ጥራሕ ዘይኮነ ነገለ ተቓወምቱ ኢና ዝብሉ እውን እዩ።

ገለ ኤርትራውያን ደቂ ሃገር ብግርህናኦም ድዮም ብትንኾልናኦም ዓወት መንግስቲ ኢትዮጵያ ብዝኾነ መዓቀኒኡ ምስ መን ብዘየገድስ ዘይወሓጠሎም፡ መንግስቲ ኮነ ህዝቢ ኢትዮጵያ ክሓልፈሉን ክቐስንን ዘይደልዩ ኢትዮጵያ እንተሓየለትን እንተቐሰነትን ጽባሕውን ንዓና ክትወረናን ከተምበርክኸናን ትኽእልያ ኢሎም ብምስጋእ ከይደቀሱ ዝሓድሩን፡ ስብከት እሰያስ ካብ ኣእምሮኦም ምውጻእ ዝኣበዮምን ንሕና ክንቀስን እንተኾይኑ ኢትዮጵያ ክትብተን እምበር ክትቀስን የብላን ኢሎም ዝሓስቡ ዲያብሎሳት እዮም።

ካልኦት ከኣ ንስርዓት መንግስቲ ኢሂኣደግ ካብ መንግስቲ እሰያስ ፈልዮም ዘይርእዩዎ ካልእ ናቶም ሕቡእ ዝመስሎም ግን ከኣ ሕቡእ ዘይኮነ ማንም ዝፈልጦ ክልቲኡ ስርዓታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ክመናቘስ እሞ ናቶም ኣጀንዳ ክስርቱን ከማዕብሉን ዝደልዩ ገለ ናይ ስርዓት እሰያስ ደገፍቲ ካልኦት ከኣ ናይ ስርዓት ኢትዮጵያ ኣመስገንቲ ዝመስሉ ብውሽጦም ግን ናይ ክልቲኦም ጸላእቲ ዝኾኑ እዮም። እዚኦም ናይቲ ስርዓታት ጸላእቲ ጥራሕ ዘይኰኑ እቲ ክልቲኡ ኣህዛብ ፍቕርን ምርድዳእን ስምምዕን ከይህልዎ ብልቢ ዝጽልዩን ዝጽዕሩን ጸረ ስርዓታት ጥራሕ ዘይኰኑስ ጸረ ኣህዛብ እውን እዮም። ካብዚኣቶም ብዙሓት ገበርቲ እከይን ጸለምቲ ልብን ዝኾኑ ተቓወምቲ እሰያስ ዝመስሉ ኤርትራውያን ነቲ ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ርግኣትን ቅሳነትን በቲ እሰያስን ቅንጅትን ዘካይዱዎ ዘለዉ ናይ ምብታንን ህውከትን ዘመተ ክሳለጠሎም ዝሓልሙን ዝጽልዩን ከም ዘለዉ እውን ዝስሓት ኣይኰነን።

እዚኣቶም እቲ ቀንዲ ጸላኢኦም እቲ ስርዓት እሰያስ ወይ ስርዓት ወያኔ ዘይኮነ እቲ ቅሳነትን ርግኣትን ዘድልዮ ናይቲ ዞባ ህዝቢ እዩ። ነዚ እከይ ሕልምታት ክሓልሙን ክጽበዩን ዘገድዶም ከኣ እቲ ስዉር ዓላማታቶምን ሕቡእ ዝመስሎም ኣጀንዳታቶምን እዩ። መንግስቲ ኢትዮጵያ ጕዳይ ኤርትራውያን ንኤርትራውያን ብምግዳፍ ተቓወምቲ ውድባት ዓላማኦምን መደባቶምን ብዘየገድስ ይዕበ ይንኣስ ንኹሎም ብማዕርነት ክሕግዞምን ከተባብዖምን ምጽንሑ ዝነኣድ ፖለቲካ እዩ። እዚ ግን ብገለ ንባዕሎም ዓያሱ ንመንግስቲ ኢትዮጵያ ከም ዓሻን ፈታዊኦምን ጸላኢኦምን ክለልዩ ዘይክእሉ ከገምት ዝኽኣለ ይመስል። እቲ መንግስቲ ኢትዮጵያ ግን መንግስቲ ስለዝኾነስ ከምቲ ንዓታቶም ዝመስሎም ዘይኮነስ ዓላማታቶምን ሓይሎምን ስርሓቶምን ዘይፈልጥን ዘይከታተልን ኣይመስለንን።

ንፍትሕን ንነፍስናን ክንዛረብ እንተ'ኾይኑ ግን እቲ ገና ምጽራያቱን ፍርዱን ዘይተወድኤ ኣብ ዝሓለፈ ምርጫዊ ጉዳይ ዘጓነፈ ድንገት ገዲፍና ኣብ ታሪኽ ኢትዮጵያ እቲ ጩራ ዲሞክራስን ፍትሕን ሰላምን ንመጀመርያ ዝተራእየሉ እዚ ሎሚ ዘሎ ስርዓት <u>ኢሂኣደግ</u> ዘርኣዮን ዘመስከሮን ዘሎ ጥራሕ እዩ። እዚ ክብል ከሎ'ኹ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ፖለቲካኡን ምስ ተጻረርቱን ፍጹም ጌጋ ዘይብሉ ብጹእ ስርዓትዩ ንማለት ዘይኮነ ካብቶም ኵሎም ዝሓለፉ ስርዓታት ሕረስ ሓረስታይ ንገድ ንጋዳይ ዝብል ህዝቢ ከይተሸቑረረን ከይፈርሔን ከም ድላዩ ብሕጊ ዝመላለሰሉን ከሲሱ ኮነ ተ'ኸሲሱ ፍትሒ ዝሓተሉን ዝረ'ኸበሉን ዲሞክራስን ፍትሕን ንምትግባር ትካላት ዝመስረተ እቲ ዝሓሸን ዝበለጸን ስርዓትዩ ንማለት ጥራሕ እዩ። ኣብዚ ንብዙሓት ተደናጊሮምን ብስብከት ስርዓት እሰያስ ዓዊሮምን ኣብ ዘይፈልጡዎ ሻቕሎትን ፍርሕን ጠርጠራን ወዲቖም ዝርከቡ ዘለዉ ደቂ ዓደይ ክህቦ ዝደሊ ም'ኽሪ ከኣ ንስርዓት ኢትዮጵያ ብፍላይ ከኣ ንስርዓት ኣሕዋትና ወያኔ ህዝቢ ትግራይ ጸሊእና ኮነ ርሒ'ቕና ከነምጽኦን ክንረ'ኽቦን ን'ኽእል ጠ'ቕሚ ኮነ ዓወት ከም ዘየልቦ ጥራሕ እዩ። <u>**"ክፉእካ ኣይትጽላእ ካብኡ ዝ'ኸፍእ ከይትረክብ"**</u> ከም ዝበሃል ምስ ኣሕዋትናን ጐረባብትናን ተሰማሚዕናን ተወሃሂድናን ተቓሊስና ዓወት ረ'ኺብና ነጻነትና ጨቢጥና ኣሎና።

ብድሕሪኡ እሰያስ ንርእሱን ስልጣኑን ንምዕባይ ምስኣቶም ኣዋጊኡናን ኣባቲ'ኹናን። ደቅናን ንብረትናን ክብርናን ኣጥፊኡዎ። ህዝቢ ኤርትራ ብሰንኪ እሰያስ ሓሲሩን ተዋሪዱን። ህዝብና ባዕሉ ተቓሊሱን ተሰዊኡን ብዘምጽኦ ባርነት ስርዓት እሰያስ ከኣ ሎሚ ሰብኣይ ኮነ ሰበይቲ፡ መንእሰይ ኮነ ሽማግለ፡ ሙፍቲ ኮነ ጳጳስ፡ ኵሉ ኣብ ሓሳርን መከራን መግዛእትን ባርነትን ሓደ ሰብኣይ ወዲቑ ይርከብ። እዚ ከኣ ዋላኳ ክንሓብኦን ክንሸፍኖን እንተደለና ዓለም ዝፈለጦ ኣብ ቃልዕ ዝተጋለጸ ሓቂ እዩ። እሞ እዚ ስርዓት እዚ ህዝብን መንእሰያን እናጽነተ ከሎ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዶብ ምሕንጻጽ ስለዝኣበየናዩ ህዝብና ብሰንኩ ኣብ ድፋዕ ሰፊሩ ዘሎ ኢልካ ምም'ኽናይ ከኣ ኣብ ጓል ነገር ምልጋስን እሰያስ ኣብ ዘለዎ ይጽንሓልና ምባልን ጥራሕ እዩ። ስርዓት እሰያስ እንተዝጠፍእ ከኣ ኤርትራ ሓንቲ ባዱመ ጥራሕ ዘይኮነትስ ዓሰርተ ባድመ ምረ'ኸበት። እቲ እሰያስ ብንዕቀቱን ብዕሽነቱን ብጽጋቡን ዘጥፍኦ ክብርን ፍ'ቕርን ኤርትራውያን ንምምላስ ከኣ ጊዜ ኣይምወሰደን።

ምስ ኣሕዋትናን ጐረባብትናን ዘሎ ናይ ዶብ ይ'ኹን ካልእ ጽልእን ቅርሕንትን ሰጊርና ሰላምን ፍ'ቕርን ምትእምማንን ክንምስርት እንተዘይክኢልና ከኣ ሎሚ ኮነ ጽባሕ ተጐዳእቲ ንሕና ኢና። ፈቲና ጸሊእና ከምቲ ንሕና ረብሓ ዘሎና ኢትዮጵያውያውያን ብሕልፊ ከኣ ትግራዎት እውን ሰላማውን ሕጋውን መሰል ዜጋታቱ ኵነ መሰል ጐረባብቱ ዘ'ኽብር ስርዓት እብ ኤርትራ ክትከል እጸልኡዮም ኣይብልን። ኣብዚ ከኣ ናትና ናይ ኤርትራውያን መንፍዓትን ምትዕጽጻፉትን ጻዕርን ዘድሊ ም'ኳኑ ክንግንዘብ ይግባእ። እሰያስ ዝደረፎ ክንደርፍን እሰያስ ዝጸልኦ ክንጸልእ ዘፈተዎ ከኣ ክንፈቱ እንተ'ኾይኑ ግን ንሱ መንገዱ ጸሪጉ ስለዘሎ ጽባሕ ኣብ ዝሕሾ ክምርቀፍ እዩ። ናትና መወዳእታ ግን ጥፍኣት ጥራሕ እዩ ክ'ኸውን።

ኣበሃህላይ ኣብ ሕውነትን ፍ'ቕርን ምእማን እምበር ንስርዓት ኢትዮጵያ ኮነ ወያኔ ምምብርካ'ኽን ምምስሳልን ዝመስሎም ክህልዉ ይ'ኽእሉ ይ'ኾኑ። እቲ ሓቂ ግን ሓቂ ኢዩ። ኣይልወጥን ከኣዩ። ብምስትውዓልን ብህድኣትንት ሓሲብናን መርሚርናን ንሃገርናን ህዝብናን ዘዋጻጽእ ሰላም ዝህበናን መንገዲ ምምራጽ እምበር ገለ

ኣኽላባት ህግደፍ ከይብሉና ወይ ከይጸልኡና ኢልና ምስ ዘይመጻልእትና ምጽላእን ኣብ ዘይንረብሓሉን ዘይጠቕመናን ጕዳይ ምስ ኣሕዋትናን ጐረባብትናን ምጥርጣራት ምሕዳር ጠቕሚ የብሉን። ኢትዮጵያ ንኤርትራ ክትወራ ምስ ትውስን ከኣ ናትና ፍርሒ ኮነ ጠርጠራ ክልውጦ ዝኽእል ነገራት የልቦን። ንምኳኑ ኣየናይ <u>ከመይ ዝበለ ስርዓት ኣብ ኢትዮጵያ ምስ ዝትከልዩኽ ህዝቢ ኤርትራ ብጐረባብቱ ዝቕስንን</u> ዝድቅስን። <u>ቅንጅት?</u> እሞ ንቅንጅትዶ ክንጽበ ይሓይሽ?

ፍትሒ መሓሪ
02/19/2007